ሃይለ ገብረትንሳኤ ኢንድያናፖሊስ ኢንድያና!

# <u>መልቀስ</u>

# <u>ድሓን ኩኒ ኣሞይ ለተንኪኤል ገብረ ሂወት!!!!</u>

## ወየ!! ኣነ!!ወየ!!!!ኣነ!!! ወየ!!!ኣነ!!!!

## ወየ!!!!!ወየ!!!!!ወየ!!!!!!!!!

እዛ ዝፈትዋ ኣሞይ ሞይታ!!!!!
ኣርኪባቶም እምበር ነቦታታ
ኣርኪባተን ነተን ኣደታታ
ኣርኪባተን፡ ንዝሓለፉ፡መሓዙታ።

ኣሞይ!! ለተንኪኤል ጓል ኣባ ቡላ
ኣብ ዳምባ ተወሊዳ፡ ከም ብተይ ዘሊላ
ካብ ምድሪ ፈላሲ፡ ደቂ በኹሪ፡ መራጉዝ ብኹላ
ጓል ኣድከመ ምልጋእ፡ ኣብ ማእከላ
ጓል ስረትክን ትብል መላሲ ዘይብላ።

ኣሞይ!! ኣሞይ!!!ጓል ኣስመራ
ለቲ!!!!!!! ተባሂላ ሽም ቀይራ
ብኣውቶቡስ ትመጽእ ሓጀት ጸይራ
ሳንጆርጆ ተማሃርይ ነይረ መንደፈራ
ጎልፎ ትኽድነኒ በዓል ግዜ ካብ ኣስመራ
ንፉዕ ንክኽውን ብዙሕ እያ ጽዒራ
ጽንሕ ኢላ ንዓዲ ጣልያን ቀይራ።

ኣሞይ ንኽርእያ፡ ዓዲ ጣልያን ዘይረ
ተቐበልቲ ጋሻ እንዳቦይ ስኞረ
ሽሻይ ተቐሪቡ፡ ነቢት'ውን ዓቲረ
ምስ ዓበይቲን መካንንትን ማዕረማረ
ሰትየ ነቢት፡ ዓመታት ዝተዓቑረ
ባኖታት ተኸዲነ ብዙሕ እየ ቐይረ
ወዲ ሓዋ! ንኣሞይ ብዙ እየ ከቢረ።

ኣሞይ!!! መዓረይ!!!ፍሽኽታ ዝኣመላ
ቀሪባ!!! ዘይትደክም፡ ምሃብ ዝኣመላ
ኣብ ጸሓይ ዕርበታ!! ኣነን ኣጉዲለላ
ክሓስብ ብሃገር፡ ፍትሒ ስለ ዝጎደላ
ከይደ ንኸይርእያ፡ ኣይኮንኩን ብሻላ
ነዛ ኣሞይ!! በይነይ ኣብ ስደት በኸኩላ
ስድራ ቤት ኤርትራ ኣኻኻቢ ዘይብላ
ሃገርና ኤርትራ ምሕረት የውርደላ።

እዛ ኣሞይ!!! ድርብ ዝቕናታ
ከተማታት ጣልያን ኲለን በጺሓታ
ንበይና ኣይኮነትን ምስ ኲለን መሓዙታ
ኣብ ሃገራዊ ቃልሲ፡ ብዙሕ እያ ከቲታ
ካብ ዝጅመር ኣትሒዛ ክሳብ መፈጸምታ
ሃገረይ እናበለት፡ ዓለም ወዲኣታ።

ኣሞይ!!መዓርይ!!! ድሓንኲኒ
ኣብ ስደት ኮይነ ንዓይ በርቲዕኒ
እንተዘፋንወኪ ነይረ ንዓይ ምሕሸኒ
ዘይኸውን ኮይኑ ዘበን ጠሊሙኒ።

ኣሞይ!!! ዕድለኛ ኢኺ
ኣሕዋትኪ  ንድሕሪት ገዲፍኪ
ብኽብሪ እኮ ኢኺ ተፋኒኺ
ይኣኽለኪ ብዙሕ እምበር ስሒቕኪ
ኣይነኣስክን፡ ዕድመውን ጸጊብኪ
ኣደይ ማርያም ትጽናሕ ኣብ ቅድሜኺ
ጎይታና ክርስቶስ ኣብ ጎኑ የንብርኪ።

ዝፈትወኪ! ወዲ ሓውኪ!!!
ሃይለ ገብረትንሳኤ፡ ዘብሄረ ሰራየ!!!!
ኢንድያናፖሊስ፡ ኢንድያና።